# ምትእትታው ፍሉይ ስጉምትታት

ጥሪ 2024

NORTHUMBRIA POLICE & CRIME COMMISSIONER

NORTHUMBRIA POLICE

CPS

ምሕባር (ሪፖርት ምግባር)፡ ወይ ድማ ብዛዕባ ጾታዊ ዓመጽ ወይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ናብ ፖሊስ ክትሕብር ምሕሳብ ኣዝዩ ዘፍርሕ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ሓሊፉ ንስኻ ድማ ብዛዕባ እንታይ ከም ዘጋጠመካ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ምዝራብ ኣዝዩ ዘፍርሕን ዘጨንቕን ክኸዉን ከም ዝኽእል ንሕና እዉን ይርደኣና እዩ። እዚ ድማ መርትዖ ምሃብ ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል እዩ።

ዝያዳ ምቹእነት ምእንቲ ክስምዓካ ድጋፍ ክትረክብ ከምኡዉን ኣብቲ መስርሕ ዝስመዓካ ፍርሒ ወይ ጭንቀት ንምቕናስ ከተመልክቶ እትኽእል ተወሳኺ ድጋፍ ኣሎ እዩ። እዚኣቶም ድማ 'ፍሉያት ስጉምትታት' ይበሃሉ - መርትዖ ኣብ ምሃብ ዝሕግዙኻ ስጉምትታት። እንድሕር ደኣ ዘይደሊኻ ግና እዞም ፍሉያት ስጉምትታት እዚኣቶም ዘይክትጥቀመሎም ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግና እዚ መምርሒ እዚ እቶም ንስኻ ክትጥቀመሎም እትኽእል ኣማራጺታት ክትፈልጦም ከምኡዉን ነዞም ፍሉያት ስጉምትታት ክትረክብ ብኸመይ ከተመልክት ከም ዘሎካን ክትፈልጥን ክሕግዘካ እዩ።

## <u>መን እዩ ነዞም ፍሉያት ስጉምትታት ክረክብ ዝግብኦ፧</u>

ተቓላዕቲ ከምኡዉን ፍርሒ ዘለዎም መሰኻኽር ነዞም ፍሉያት ስጉምትታት ክሓትት ይኽእል እዩ:

- ተቓላዕቲ ዝኾኑ መሰኻኽር ዘጠቓልሎ - ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባት፡ ናይ ኣካላዊ ወይ ድማ ኣእምርኣዊ ስንክልና ዘለዎም ወይ ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘለዎም መርትዖ ብዝበለጸ መንገዲ ናይ ምሃብ ዓቕሞም ክጸሉ ዝኽእል ኩነታት ዘለዎም ሰባት

- ፍርሒ ዘለዎም መሰኻኽር ዘጠቓልሎ - ከም በዓል፡ ጾታዊ ዓመጽን ጾታዊ ጥቕዓትን፡ ዘመናዊ ባርነት ከምኡዉን መሳርያ ዘካተተ ገበን ዝኣመሰሉ ዝተወሰኑ ዓይነታት ገበናት ዘጋጠሞም ሰባት። ብተወሳኺ እዉን ፍርሒ ዘለዎም መሰኻኽር ዝበሃሉ መርትዖ ንምሃብ ፍርሒ ወይ ድማ ጭንቀት ዝስምዖም ሰባት ዘጠቓልል እዩ።

Therefore, if you have experienced sexual violence you would be able to ask for special measures.



## ኣነ እንታይ ፍሉይ ስጉምትታት ክሓትት ይኽእል፧

### ስክሪናት

ኣብ ዙርያ መእተዊ ናይ ቤት ፍርዲ ከምኡዉን ኣብ ሳንዱቕ ናይ ምስክር ስክሪናት ወይ መጋረዲ ፓነላት ክቕመጡ ይኽእሉ። እዞም ስክሪናት ድማ ንስኻ ነቲ ተኸሳሲ ከምኡዉን ነቶም ኣብ ናይ ተዓዘብቲ ቦታ ዘለዉ ኩሎም ሰባት ካብ ምርኣይ ክኽልክለካ እዩ፡ ስለዚ ድማ ንሳቶም ንዓኻ ክርእዩኻ ኣይክእሉን እዮም ንስኻ እዉን ንዓታቶም ኣይትርእዮምን ኢኻ። ካልኦት ኣብቲ ቤት ፍርዲ ዘለዉ ሰባት ከም በዓል ዳኛ፡ ፈረዶ፡ ጠበቓታት፡ ናይ ቤት ፍርዲ ባሪስተራት ከምኡዉን ናይ ቤት ፍርዲ ሰራሕተኛታት ግና ክርእዩኻ ይኽእሉ እዮም።

### መርትዖ ብብሕቲ ምሃብ

ነቲ ቤት ፍርዲ ኩሉ ኣብቲ ቦታ ክህሉ ዘይግብኦ ሰብ ከዉጽኡልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ድማ እቲ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ክኣትዉ ኣይፍቀደሎምን እዩ ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣብ መብዛሕትኦ ግዜ ኣብ ፍሉያት ኣዝዮም ተነቀፍቲ ጉዳያት ጥራይ እዩ ዝፍቀድ።

### ጋዉን ከምኡዉን ዊግ ናይ ርእሲ ምውጻእ

ንስኻ መርትዖኻ ኣብ እተቕርበሉ እዋን ደያኑ ከምኡዉን ናይ ቤት ፍርዲ ባሪስተር ናይ ጸጉሪ ዊግ ከምኡዉን ጋዉን የዉጽእዎ እዮም። እዚ ነገር እዚ ድማ ሓፈሻዊ ኣብ ተቓላዕቲ መሰኻኽር ተባሂሎም ዝምደቡ ሰባት ጥራይ እዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል።

### መንጎኛታት

እንድሕር ደኣ ንስኻ ከም ሓደ ተቓላዒ ምስክር ዝተመደብካ ሰብ ኮይንካ፡ ነቶም እትሕተቶም ሕቶታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምርዳእን ተረዲእካ ኣብ ምምላስን ድጋፍ ክህበካ ምእንቲ መንጎኛ ክግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

### ናይ ምዝርራብ ሓገዝቲ

እንድሕር ደኣ ንስኻ ከም ሓደ ተቓላዒ ምስክር ዝተመደብካ ሰብ ኮይንካ፡ ነቶም እትሕተቶም ሕቶታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምርዳእን ተረዲእካ ኣብ ምምላስን ዝድግፈካ ከም ምልክት ሰሌዳ ወይ ስእሊ ዝኣመሰሉ ናይ ርክብ ሓገዛት ዘጠቓልል ናይ ምዝርራብ ሓገዝ ክግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ኣነ እንታይ ፍሉይ ስጉምትታት ክሓትት ይኽእል፧

**ላይቭ ቀጥታዊ ሊንክ**

እዚ ስጉምቲ እዚ ኣብ ናይ ብሕቲ ክፍሊ ኮይንካ ብመንገዲ ሊንክ ብላይቭ (ቀጥታዊ) ብምስሊ እንዳተረኣኻ ዘሎካ መርትዖ ከተቕርብ ትኽእል ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ህንጻ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝርከብ ክፍሊ ክኸዉን ይኽእል ወይ ድማ ካብ ካልእ ቦታ (ኣብ ካልእ ቦታ ዝርከብ ናይ መርትዖ ኽፍሊ) ኪኸውን ይኽእል እዩ። ከም ባሪስተር ጠበቓ ወይ ድማ ዳኛ ዝኣመሰለ ነቲ ሕቶታት ዝሓተካ ሰብ ድማ ክትሪኦ ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ነቲ ተኸሳሲ ኽትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ እንተኾነ ግን ኣብቲ ቤት ፍርዲ ዘሎ ኹሉ ሰብ ብተለቪዥን ሊንክ ክርእዩኻ ይኽእሉ ኢዮም። ሒደት ኣብያተ ፍርዲ ጥራይ እየን ድማ ነዚ ድርብ ፍሉይ ስጉምቲ ንምውሳድ ዜኽእል ተክኖሎጂ ዘለወን እዚ ኸኣ እቲ ተኸሳሲ ኣብ ተለቪዥን ከም ዘይርእየካ ዝገብር ቴክኖሎጂ ማለት እዩ። እቲ ተኸሳሲ ኽርእየካ እንተ ዘይደሊኻ ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ኮይንካ መርትዖኻ ክተቕርብን ስክሪን (ኣብ ላዕሊ ርአ) ድማ ክግበረልካን ኽትሓትትን ትኽእል ኢኻ። ነቲ ጉዳይካ ሒዝዎ ዘሎ ፖሊስ ኦፊሰር ኣብቲ ዘለኻዮ ኣከባቢ ድርብ ፍሉይ ስጉምቲ ንምውሳድ ዜኽእል ተክኖሎጂ ንምጥቃም ከተመልክቶ ትኽእል ኣማራጺ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ክትሓቶ ንላቦ።

**ዝተቐድሐ (ሪከርድ ዝኾነ) መስቀላዊ መርመራ (ብተወሳኺ እዉን ናይ ሴክሽን 28 መስርሕ ፍርዲ ተባሂሉ ይፍለጥ እዩ)**

እዚ ኣማራጺ ስጉምቲ እዚ ኣብ ናይ ክራዉን ቤት ፍርዲ ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባት፡ ስንክልና ዘለዎም ሰባት (ኣእምሮኣዊ ወይ ድማ ኣካላዊ ስንክልና)፡ ካብ ጾታዊ ገበን ዝደሓኑ ወይ ድማ ናይ ዘመናዊ ባርነት ጉዳይ ዘለዎም ሰባት ጥራሕ ዝወሃብ እዩ። እዚ ኣማራጺ እዚ ግና ኣብ ማጀስትሪ ቤት ፍርዲ ኣይርከብን እዩ። ቅድሚ እቲ ናይ ፍርዲ መስርሕ ኣብ ካልእ መጋባእያ እቲ ናትካ መስቀላዊ መርመራ ተመሊኡ (ሪከርድ ተጌሩ) ክቐርብ እዚ ስጉምቲ እዚ ክግበረልካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ ዝተመልአ (ሪከርድ ዝተገብረ) ድማ ኣብቲ ኣብ ዳሕራይ መዓልቲ ተቆጺሩ ዘሎ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ነቶም ፈራዶ ከም ዝሰምዕዎ ይግበር፡ ናይቲ ጉዳይ ዉጽኢት ድማ ኣብዚ መዓልቲ እዚ ይዉሰን። እቲ ዳኛ፡ ኣኽበርቲ ሕጊ ከምኡውን ናይ ተኸሳሲ ባሪስተራት ከምኡውን እቲ ተኸሳሲ ኣብቲ ኣብ ናይ ሴክሽን 28 መጋባእያ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ክርከቡ ይኽእሉ ኢዮም ። ካብ ካልእ ክፍሊ ኮይንካ ብቐጥታዊ ናይ ተለቪዥን ሊንክ ኣቢልካ መርትዖኻ ክትህብ ትኽእል ኢኻ።

ሴክሽን 28 መሰኻኽር ካብቲ ስሩዕ ኣገባብ ብዝተፈልየ ዘለዎም መርትዖ ኣቐዲሞም ከቕርቡ ኣብ ምሕጋዝ ኣብ ጥቕሚ ዝዉዕል እዩ። ሓፈሻዊ እቲ ቤት ፍርዲ ኩሉ ግዜ ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባትን ንስንኩላንን እዩ ዚጥቀመሉ። ናይ ጾታዊ ወይ ዘመናዊ ባርነት ገበን ግዳይ ወይ ድማ ዝደሓንካ እንተ ኼንካ እሞ ብዝተኻእለካ መጠን ቀልጢፍካ መርትዖ ክትህብ ዘድልየካ ኾይኑ እንተ ተሰሚዑካ ንኣብነት እቲ ጉዳይ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኻ ብሰንኪ ዘሕደሮ ጽልዋ፡ እዚ ኣማራጺ እዚ ኽትሓቶ እትኽእል ኣማራጺ እዩ።

እንታይ ዓይነት ፍሉይ ስጉምትታት ክህሉ ከም ዝኽእል ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ሊንክ ክትዉከሱ ንላቦ:

https://www.cps.gov.uk/rasso-guide/support-give-your-evidence-special-measures-0

## ካብቶም ፍሉያት ስጉምትታት ኣየናይ ፍሉይ ስጉምቲ ክሕግዘኒ ከም ዝኽእል ምስ ወሰንኩ እንታይ እየ ዝገብር፥

1) ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ናይቲ መርመራ ነቲ ጕዳይካ ሒዝዎ ዘሎ ኦፊሰር (OIC) ከተዛርቦን ኣብ ቤት ፍርዲ ዘሎካ መርትዖ ኣብ ምሃብ ኣየናይ ፍሉይ ስጉምትታት ዝሕግዘካ ኮይኑ ከም ዝስመዓካ ክትነግሮ ትኽእል ኢኻ

2) እቲ ፖሊስ ኦፊሰር ድማ ኣየናይ ፍሉይ ስጉምቲ ክግበረልካ ከም ዝመረጽካን ብምንታይ ምኽንያት ምዃኑን ነቶም ናይ ክራዉን ናይ ፍርዲ ኣገልግሎት (CPS) ንምሕባር ፎርም ክመልእ እዩ

3) ሲፒኤስ(CPS) ማለት ድማ እቶም እዚ ንስኻ ዝሓተተካዮ ፍሉይ ስጉምቲ ክግበረልካ እቲ ቤት ፍርዲ ፍቃድ ክህበካ መመልከቲ ዘቕርቡን እዚ ፍሉይ ስጉምቲ ንዓኻ ብኸመይ ክድግፈካ ከም ዝኽእል ዝገልጹሎምን ሰባት እዮም

4) ዳኛ ድማ እዚ ፍሉይ ስጉምትታት ንዓኻ ክፍቀደልካ ኣለዎ ዶ ክፍቀደልካ የብሉን ኣብ ዝብል ዉሳኔ ይህብ። እቲ ፖሊስ ድማ ንዓኻ እቲ ዳኛ እንታይ ከም ዝወሰነ ክነግረካ እዩ። ኩሉ እዚ ምስርሕ ድማ ቅድሚ እቲ ናይ ፍርዲ መጋባእያ ምጅማሩ ክፍጸም ዘለዎ እዩ

እዞም ፍሉያት ስጉምትታት ብቐጥታ ኣይወሃቡን እዮም - ቅድሚ እቲ ናይ ፍርዲ መጋባእያ ምቅናዑ እቲ ዳኛ ኣየኖት ፍሉያት ስጉምትታት ከም ዘፍቕዱልካ ክዉስን እዩ።

**ስለዚ ድማ ሓደ ካብዞም ዘለዉ ፍሉያት ስጉምትታት ክወሃቡኻ ኣብ እትሓቶ ግዜ እዚ ስጉምቲ እዚ ንዓኻ ኣብቲ መርትዖ እትህበሉ እዋን ብኸመይ ከም ዝሕግዘካን ኣብ ስምዒታትካ ድማ መርትዖ ክትህብ ኣብ ምስታፍ ብኸመይ ኣወንታዊ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል ክትገልጽ ምስ እትኽእል ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። በተወሳኺ እዉን ሓደ ካብቶም ፍሉያት ስጉምትታት ካብቶም ካልኦት ብዝተፈልየ መንገዲ ብኸመይ ንዓኻ ሓጋዚ ክኸዉን ይኽእል ኢልካ ከም ዝሓሰብካ ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።**

ብዛዕባ እዚ ነገር ድማ ኣይኤስቪኤ/ISVA ወይ ኣይዲቪኤ/IDVA ከምኡዉን እቲ ፖሊስ ኦፊሰር ክሕግዙኻ እዮም።

### ኣይኤስቪኤ ወይ ኣይዲቪኤ ብዛዕባ እዞም ፍሉያት ስጉምትታት ብኸመይ ክሕግዙኒ ይኽእሉ፥

- ኣይኤስቪኤ/ISVA ወይ ድማ ኣይዲቪኤ/IDVA ንስኻ ክትጥቀመሉ እትኽእል እንታይ ኣማራጺታት ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ንኽትርዳእ ንኽሕጉዙኻ ምሳኻ ብዛዕባ እዞም ፍሉያት ስጉምትታት ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም
- እቶም ናትካ ኣይኤስቪኤ/ISVA ወይ ድማ ኣይዲቪኤ/IDVA ነቲ ንዓኻ ዘድልየካ ነገራትን ድሌታትካ ክጣበቑልካ ይኽእሉ እዮም ከምኡዉን እዞም ፍሉያት ስጉምትታት ተጠቂምካ መርትዖኻ ምቕራብ ብኸመይ ክጠቕመካ እዩ ኢልካ ከም እትሓስብ ኣብ ምግላጽ እዉን ክድግፉኻ እዮም
- ንስኻ እንተደኣ ደሊኻ ድማ እቶም ናትካ ኣይኤስቪኤ/ISVA ወይ ድማ ኣይዲቪኤ/IDVA ምስ ፖሊስ ወይ ምስ ኖርዝኣምብርያ ቪክቲም ኤንድ ዊትነስ ሰርቪስ (NVWS) ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ድጋፍ ጕጅለ ክራኸቡን ኣብ ክንዳኻ ኮይኖም ብዛዕባ እቲ ዘድልየካ ፍሉያት ስጉምትታት ናብቲ ቤት ፍርዲ ከመልክቱልካ ይኽእሉ እዮም።

NORTHUMBRIA POLICE & CRIME COMMISSIONER · NORTHUMBRIA POLICE · CPS

## ኣየናይ ፍሉይ ስጉምቲ ክሕግዘኒ እዩ ኣብ ዝብል ጉዳይ ሓሳብ እንተቐይረ እንታይ የጋጥም፧

ብዛዕባ መርትዖ ኣብ ትህበሉ እዋን ክሕግዘኒ ይኽእል እዩ ኢልካ ዝመረጽካዮ ፍሉይ ስጉምቲ ሓሳብካ ምቕያር ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። እንድሕር ደኣ ኣብዚ ምርጫኻ ሓሳብ ቀይርካ፡ ምእንቲ ቅድሚ እቲ መጋባእያ ምቅንዑ ካልእ መመልከቲ ክግበር ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ነቲ ጉዳይካ ሒዝዎ ንዘሎ ኦፊሰር(OIC) ከተዛርቦ ንላቦ። እዚ ምግባር ድማ ኣቐዲሙ ፍቓድ ኣብ ዝተወሃበ ነገር ለዉጢ ክግበር እንድሕር ደኣ ኣለዎ ኮይኑ ኣብ ግዜኡ ምድላዋት ክግበር ከኽእል ምእንቲ እዩ። እቲ ናትካ ኣይኤስቪኤ/ISVA ወይ ኣይዲቪኤ/IDVA ብዛዕባ እዚ ምስ ኦኣይሲ/OIC ክትዘራረብ ክድግፉኻ ይኽእሉ እዮም።

**ናይ ስክሪን ከምኡዉን ናይ ቀጥታዊ ሊንክ ክፍሊ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል መርኣዩ ኣብነት፡**







### ቅድመ ፍርዲ ዝግበር ምብጻሕ

ብተወሳኺ እዉን ቅድሚ እቲ ናይ ፍርዲ መጋባእያ መዓልቲ ናይ ቅድመ ፍርዲ ምብጻሕ ከተካይድ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ እቲ ቦታ ክትርእዮን ነብስኻ ምስቲ ናይ ቤት ፍርዲ ህንጻን ኣብኡ ዘለዉ መሳለጥያታትን ምእንቲ ከተላልያን እዩ።

እቲ ናይ ምስክርነት ኣገልግሎት ነቲ ናይ ፍርዲ ክፍሊን ገለ ገለ ክፍቀዱልካ ከተምልክቶም እትኽእሎም ፍሉያት ስጉምትታትን ከርእዩኻ መደብ ክሰርዑልካ ይኽእሉ እዮም። ከም ኣብነት እቲ ስክሪን ከመይ ከም ዝመስል ከርእዩኻ ይኽእሉ ከምኡዉን ሓንቲ ካብተን ናይ ቀጥታዊ ሊንክ ክፍልታት ከርእዩኻ ይኽእሉ። እዚ ድማ ካብዞም ፍሉያት ስጉምትታት ከተመልክት ዘድልየካ እንተደኣ ኮይኑ ንምውሳንን እንድሕር ደኣ ሓደ ካብኣቶም ክትሓትት ወሲንካ ከኣ ኣየናይ ከም ዝሕሸካን ኣብ ምምራጽ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ

ብተወሳኺ እቲ ናይ ምስክርነት ኣገልግሎት ቅድሚ ምስክርነት ምሃብካ እትጸንሓሉ ናይ ምስክርነት ሳንዱቕ ተባሂሉ ዝፍለጥ መጸበዩ ቦታ ከርእዩኻ እዮም ከምኡዉን ኣብቲ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ምስቲ ተኸሳሲ ብሓደ መእተዊ ዝኣቱ እንተደኣ ኮይነ ኣብቲ መእተዊ ክንራኸብ ንኽእል ኢና ኢልካ ከይትጭነቕ ምእንቲ ናብቲ ናይ ቤት ፍርዲ ህንጻ ብዝተፈልየ ብሕታዊ መእተዊ ከም እትኣቱ ክግበር ይኽእል እዩ።
እንድሕር ደኣ ናይ ቅድመ ፍርዲ ምብጻሕ ክትፍጽም ደሊኻ ኮይንካ፡ ብመንገዲ ናይ ሲቲዝን ኣድቫይስ ናይ ምስክርነት ኣገልግሎት ጌርም ነዚ ከዳልዉልካ ምእንቲ ምስቲ ናትካ ኣይኤስቪኤ ወይ ኣይዲቪኤ ክትዛረብ ንላቦ። እንድሕር ደኣ ደሊኻ ድማ ምሳኻ ኣሰንዮምኻ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም።

## ንኣብነት:

ቤዝ መጻምድታ ነበር ጾታዊ ዓመጽ ከም ዘብጸሓላ ሪፖርት ንምግባር ንፖሊስ ረኺባቶም።

ብተወሳኺ ኣብ ዝምድና ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ኣካላዊ መጥቃዕቲ የብጸሓላ ከምኡዉን ኣብ ልዕሊኣ ቁጽጽር ይገብር ኔሩ እዩ። ቤዝ ድማ ናብ ቤት ፍርዲ ከይዳ ኣብ ልዕሊኣ እንታይ ከም ዝወረደ ክትዛረብ ምኳና ኣዝዩ ጭንቀት ይስምዓ ኔሩ ከምኡዉን እዚ ጉዳይ እዚ ክትሓልፎ ትኽእል ድያ ኣይትኽእልን ዝብል እዉን ትጠራጠር ኔራ እዩ።

ቤዝ ምስቲ መጻምድታ ነበር ከምኡዉን ነቶም ምስኡ ክመጹ ዝኽእሉ ኣባላት ስድራቤቱን ገጽ ንገጽ ክትረኣኣይ ምኳና ኣዝዩ የፍርሓ ኔሩ ምኽንያቱ ዋላ እዉን እቶም ኣባላት ስድራቤቱ ንዓኣ የፈራርሕዋ ስለ ዝነበሩ እዩ።

ቤዝ ንናታ ኣይኤስቪኤ/*ISVA* ዘለዋ መርትዖ ኣብ ቤት ፍርዲ ኮይና ከተቕርብ ግን ድማ ነቲ መጻምድታ ነበር ከምኡዉን ነቲ ኣባላት ስድራቤቱ ተቐሚጦምሉ ክህልዉ ዝኽእሉ ናይ ሓፋሽ ሰብ ቦታ ከይትርእየሉ ዝኽልክላ ስክሪን ኣብ ዘለዎ ቦታ ኮይና መርትዖኣ ክትህብ ዝያዳ ዉሕስነትን ምቹእነትን ከም ዝስምዓ ገሊጻ።

ቤዝ ድማ እዞም ሰባት ኣብቲ ቦታ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ምፍላጥ ኣዝዩ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ብዝያዳ ናጽነት ተሰሚዕዋ ክትዛረብ ምኳና ከምኡዉን ንሳቶም ይርእዩኒ ኣለዉ ብዝብል ፍርሒ ከይተሰምዓ ክትዛረብ ምኳና ተገሊጹላ። እቶም ኣይኤስቪኤ ድማ ብዛዕባ እዚ ነቲ ፖሊስ ኦፊሰር ገሊጾምሉ ንሱ ድማ ነቲ ሓበሬታ ናብቲ ናይ ክራዉን ናይ ፍርዲ ኣገልግሎት *(CPS)* ኣመሓላሊፍዎ። ንሳቶም ድማ ቤዝ ስክሪን ምስ ዝግበረላ ከመይ ክጠቕማ ከም ዝኽእል ዝገልጽ መግለጺ ኣካቲቶም እዚ ስክሪን ንኽግበረላ ናብ ቤት ፍርዲ ኣመልኪቶም፡ ቤት ፍርዲ ድማ ነዚ መመልከቲ ኣጽዲቕዎ።

ጀኒ ኣብ ናይ ስራሕ ናይ ምሸት መደብ ብመሳርሕታ ጾታዊ ዓመጽ በጺሕዋ። ብዛዕባ እዚ ናብ ፖሊስ ሪፖርት ጌራ መርመራ ድሕሪ ምክያዱ ድማ እቲ መሳርሕታ ተኸሲሱ እዚ ማለት ድማ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪባ መርትዖኣ ክትህብ ኣለዋ ማለት እዩ።

ጀኒ ኣብ ምሉእ ሂወታ ጭንቀትን ትካዘን ዘጠቓልል ናይ ኣእምሮ ናይ ጥዕና ጸገማት ሓሊፋ እያ። ጀኒ ድማ ቢዚ ኣብ ዝኾነን ብዙሕ ሰብ ኣብ ዘለዎ ህዝባዊ ቦታ ብፍላይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ከይዳቶ ኣብ ዘይትፈልጥ ቦታ ምኻድ ኣዝዩ ጭንቀት ገይሩላ።

ድሕሪ ምስቶም ናታ ኣይኤስቪኤ/*ISVA* ብዛዕባ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፍሉያት ስጉምትታት ምዝርራብ ድማ፡ ጀኒ ካብቲ ናይ ቤት ፍርዲ ህንጻ ወጻኢ ዝኾነ ኣብ ካልእ ቦታ ኮይና ዘለዋ መርትዖ ከተቕርብ ዝሓሸ ኮይኑ ተሰሚዕዋ። ጀኒ ድማ ዘለዋ መርትዖ ንኸተቕርብ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ምጽባይ ነቲ ናታ ኣእምርኣዊ ጥዕና ብኣሉታዊ መንገዲ ከም ዝጸልዎ ገሊጻ።

ጀኒ ከም ዝገለጸቶ ድማ ኣብ ሕሉፍ ሂወታ ጭንቀት ኣብ ዝስምዓ እዋን፡ ሃንደበታዊ ራዕዲ ይስመዓ ከም ዝነበረን ምስትንፋስ ክሳብ ትስእን ትኸዉን ከም ዝነበረትን እዩ። ጀኒ ድማ ምስቲ ኣብ ልዕሊኣ ጾታዊ ዓመጽ ዘብጸሐ ሰብኣይ ኣብ ሓደ ገዛ ምኻን ነቲ ዘለዋ ጭንቀት ከላዕሎ ይኽእል እዩ ዝብል ስክፍታ ኔርዋ። ጀኒ ኣብ ዝተፈለየ ብሕታዊ ህንጻ ምስ ናታ ኣይኤስቪኤ/*ISVA* ክትጽበ ምኻና ምፍላጥ ግና ዝያዳ ምቹእነት ክህባ ምኻኑ ገሊጻ።

እቲ ነቲ ናይ ጀኒ ጉዳይ ሒዝዎ ዝነበረ ኦፊሰር ድማ ብዛዕባ እዚ ኩነታት ነቶም ሲፒኤስ/*CPS* ገሊጽሎም ጀኒ ናይ ቀጥታዊ ሊንክ ብምጥቃም ካብ ካልእ ዝተፈልየ ናይ መርትዖ ቦታ ኮይና ዘለዋ መርትዖ ክትህብ ሓቲቶማ። ናይ ጀኒ ኣይኤስቪኤ/*ISVA* ድማ ናብቲ ካልእ ዝተፈልየ ናይ መርትዖ ቦታ ናይ ቅድመ ፍርዲ ምብጻሕ ክትገብር ሓጊዞማ እዚ ድማ እቲ ገዛ ሓድሽ ንኸይኮና ቅድሚ እቲ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ነብሳ ምስቲ ገዛ ከተላልያን እንታይ ትጽቢት ክትገብር ከም ዘለዋ ከም ዝፈለጠት ንምርግጋጽን እዩ ዝነበረ።

# ምትእትታዉ ፍሉያት ስጉምትታት

NORTHUMBRIA POLICE & CRIME COMMISSIONER

NORTHUMBRIA POLICE

CPS